# መ ዝ ሙ ር ፡ ቤ ት ኣ ም ላ ኽ

## መዝሙር እምነት 94 ክንደይ ጥዑም ኢዩ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምኟን

1. ክንደይ ጥዑም ኢዩ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምኻን፡
   ዚርከቦ ኢዩ ድሕነት ሓጎስ ሰላም፡
   ምስ ኩሎም ዘፍቅሮም ናይ የሱስ እሙናት፡
   ክውድስ ብሓጎስ ንንጉስ ነገስታት።

2. ጎይታ እሰረና ብገመድ ናይ ፍቕሪ፡
   ባዕልኻ ኣልግሶ ኩሉ ዝፈላሊ፡
   ብግብርና ብሓቅን እናተፋቐርና፡
   ክንፍጽም ዎ ጎይታ ሕድሪ ዝሃብካና።

3. ከም እያድ ትጠፍእ እንተኾነት በይና፡
   “ ደቀይ ተቓረቡ” ኣፍቂሩ ይብለና።
   ሽዑ ዓለም ይብል ርኣዩ ድምቀቶም፡
   ሃልሃል ክንብል ከምኦም ንዑናይ ንሕበሮም።

ደ.ሓ

## መዝሙር እምነት 95 ንዓይሲ ይሕሸኒ

1. ንዓይሲ ይሕሸኒ ካብ ኣእላፋት ወርቂ
   ኣብ ቤትካ ምሳኻ የሱስ ጸሓይ ጽድቂ፡
   ብዛሕሊ ምቕተይ ብውግእ'ውን ጻግዐይ፡
   ንዓይሲ ይሕሸኒ ምሳኻ የሱሰይ፡

2. ኣይፍለን'የ ኣነስ እጠብቕ ናባኻ፡
   ባህታ ኮነ ሓዘን ጥዑም'ዩ ምሳኻ፡
   ኣስኣሰርካ 'ኸይድ ናብ ዝመራሕካኒ፡
   ኣሚነ ኣሎኹ ከም ዘይተውድቐኒ፡

3. ዘይትጠልም ዓርኪ ተመስገን ተመስገን፡
   ተብጽሓኒ ኢኻ ናብ ፍቅርቲ ሃገር፡
   ክዝምር'የ ሽዑ ምስ ኩሎም ዕዱጋት፡

እሙን ከም ዝኾንካ ዎ ንጉስ ሰማያት፡

<u>መዝሙር እምነት 96 ቤት ኣምላኽና ነፍቅሮ</u>

1. ጥዑም ቃል ዝዕድል ሰላም፡
ደስ ዘብል ሕብረት ጻድቃን፡
ዝረኸብናሉ ቤት ኣምላኽ፡
ሻላ ኣይንበል ኣሕዋት።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ቤት ናይ ኣምላኽና ነፍቅሮ፡

ኣብኡ'ዩ ሰላም ዘሎ።
ኣሕዋት ሻላ ኣይንበሎ፣
'ዚ ዕድል ከይንስእኖ።

2.ከም ዳዊት 'ናተሓጎስና፣
ነንቅድ ናብ ቤት ኣምላኽና፣
ኣብኡ ክንረኽቦ ንጎይታና፣
ክንምለስ ተሓጒስና።
<u>ተደጋሚ፦</u>

<u>መዝሙር እምነት 97 ሰንበት ኮይኑ ተሓጒሰ</u>

1. ሰንበት ኮይኑ ተሓጒሰ
ናብ ቤት ኣምላኽ ክኸይድ፣
ባህ ኢሉኒ'ውን ክውድስ፣

ንኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ።

2. ንዑ ምሳይ ናብ ቤት ኣምላኽ
   ኣብኡ’ሎ ሓጎስ ደስታ፡
   ዘበን ጸጋ ሓላፊ’ዩ
   ቀልጥፉ ኣይንዘንጋዕ።

## መዝሙር እምነት 98 ነፍሰይ ቆይማ’ላ

1. ነፍሰይ ቆይማ’ላ ኣብ ቅድሜኻ፡

ጽምኣታ ኣርዊ ብመንፈስካ፡
ምልኣያ ብመንፍስ ቅዱስ፡
ኣብ ዕዮታትካ ክትገግህ፡

2. ዎ ኣምላኽ ንልምነካ፡
ንዓ ባርኽ መጓሴኻ፡
ንዘይመጹ ኣብ ደመቤኻ፡
ንምብጽሖም ኣኽእል ኢኻ።

3. ንዚመጽእ መዓልትታትና፡
መታን ከነኽብር ስምካ፡
ብእምነት ብተስፋ ፍቕሪ፡
ኣልብሰና ንዓ ሕጂ።

# መዝሙር እምነት   99 ኣብ ቤትካ ክነብር መሪጸ

1. ቤትካ ክቡር ኢዩ ቤት ሓጎስ ብጽእና፡
   ነፍሰይ ትናፍቐን፡ ሃረር ትብሎን ኢያ፡
   ናብ ቤት እግዚኣብሄር ንኺድ ምስ በሉኒ፡
   ተፈሲሁ ልበይ ሓጎስ መሊኡኒ።

   እንተ ተነቚፈ እንተ ተጸሪፈ፡
   የሱሰይ ኣብ ቤትካ እነብር ዓሪፈ።

2. ምስ ጾረይ መጺኤ ነፍሰይ ተዕርፈሉ፡
   ሓዘን ምስ ከበደ ዝጸናንዓሉ፡
   ብመስትያት ቃላትካ ርእሰይ ዝርእየሉ
   ቤትካ’ዩ ኣምላኸይ፡ ልቢ ዘጥረኹሉ፡

   እንተ ተጎኒጸ እንተ ተረጊጸ፡
   ዘልኣለም ኣብ ቤትካ ክነብር መሪጸ።

3. ካብ ድንኳን ረሲኣን ኩሉ መሊኡልካ፡
   ካብ ሽሕሲ ሓንቲ መዓልቲ ‘ብ ኣጸድካ፡
   ኣብ ዓለም ካብ ምንባር ብሓጢኣት በልጺገ፡
   ምርጫይ ኣብ ቤትካ ክኾን ሓላው ደገ።

   እንተ ዘይመልኣለይ  ኩሉ ከም ዝደልዮ፡
   መንግስተ ሰማይ’ዩ እቲ ዝምነዮ።

4. ኣብ ቃራና መንገዲ ደው ኢለ ከዕነኒ፡
   ምውሳን ስኢነ ዝሓይሽ ጠፊኡኒ፡

ንልበይ ኣትሒተ ናብ ቤትካ መጺአ፡
ምኽርኻ እፈልጥ ንስምካ ጸዊዐ፡
ሳላ ቅዱስ ቃልካ ረኺበ
ልቦና፡
ኣእጋረይ ጸኒዐን ኣብ ቅኑዕ ጎደና።

5. ንድምኞቲ ሓሶት ንሓቂ ዘምስሉ
ዓመጽቲ ሰብ ነገር ናባይ ምስ ተላዕሉ፡
ምግላጹ ስኢነ ንቕንዕና ልበይ፡
ናብ ቤትካ መጺአ የፍስሶ ንብዓተይ።
ቋንቋ ተረዲእካ ፍትሒ
'ተውጽኣለይ
ገኒሕካ ተድርሶ ንብዓል ነገረይ።
ዑ.ሃ